# ስልትታት TISK-ይቕየር

## መንግስቲ ኣብ ስልትታት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሸባን/TISK ምቅይያራት የተኣታቱ። ውሸባዊ ለብዒ ብዝያዳ ባዕለመርመራ ይቕየር፡ ከም ዝተለብዐ ዝፈለጠ ሰብ ንቐረበዮም ኔረ ዝበሎም ሰባት ባዕሉ ይሕብር።

ኣብ ዝቕጽል ኣሎ ዝብሃል ናይ ንኡሳን ዘባታት ዓቕምታት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሸባን/TISK ኣብቲ ሳዕቤን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ኣዝዩ ኣስጋኢ ዝኾነሉ ቦታታትን ኣጋጣሚታትን ከውዕልኦ ኢየን። ስለዚ ድማ ንኡሳን ዘባታት ዘለወን ዓቕምታት ኣብ ከከባቢኣን ዝኸሰት ነትጕታት ለብዒ ኣብ ኣገልግሎት ሕክምናታትን ክንክናትን፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ኣብ ተኣፈፍቲ ጕጅለታትን ቁሉዓት ኣከባቢታትን ከምኒ ገለ ገለ ኣብ ኣገልግሎት ክንክንን ንክሓሙ ልዑል ስግኣት ንዘለዎም ሰባትን ዝኣመሰሉ ኣድሂበን ብቐደማነት ንክተሓሓዝኦ ከኽእለን ኢዩ።

- ስትራተጂ- TISK ሎሚ፡ ከምዚ ዝጸንሖ፡ ንንኡሳን ዘባታትና ሓያል ዓቕሚ ኢዩ ክሓተን ጸኒሑ። ዝያዳ ዘላቕን ዳይናሚካውን ዝኾነ ምስ ምዕባለታት ለበዳን ሽፈና ክትበት ህዝብናን ዝመጣጠን ስትራተጂ ኢና ክህሉ ንደሊ ዘለና። ስለዚ ድማ ንነፍሰ ወከፍ ሰብ ብዝዓበየ ደረጃ ተሓታትነት ተሰኪሙ ባዕሉ ብምምርማርን ምንጪ ለብዒ ንምንዳይን ዝዓለመ ኣካይዳ ኢና ንሰጋገር ዘለና። እቶም ዝተለብዑ ነዚ ክዓይዎ እንተኾይኖም ብዛዕባ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ብተወሳኺ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎምን ብዝብል ርጡብን ቀሊልን ዝኾነ ሓበሬታታት ክወሃቦም ኣለዎ። ነዚ ብዝምልከት እተን ዝምልከተን ኣብያተጽሕፈታት ንክነድፍኦ ድሮ ኣዋፊርናየን ኣለና ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል።

## ሕግታት ውሸባዊ ለብዒ ይቕየር

ኣመና ብዙሓት ምስ ዝውሸቡ ንሕብረተሰብና በዳሂ ከይኰነ ኣይተርፍን ኢዩ። ስለዚ ድማ ኣብያተጽሕፈት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ንውሻባዊ ለብዒ ዝምልከት ሕግታት ንክቕየር ኣሚሞምልና ኣለው፡ እዚ ነቶም ኣብ ሕደ ቤት ንዘይቅመጡ መቃርብትን ወይ ብዝኾነ ኣገባብ ብተመሳሳሊ ነቲ ዝተለብዐ ሰብ ዘይቃረቡን ንዝኾኑ መቃርብቲ ንኽይውሸቡ ዝብል እማመ ኢዩ፡ መንግስቲ ብወገኑ እቲ ምኽሪ ይኽተሎ ብምህላው እቲ ክውሸቡ ኣለዎም (ውሸባዊ ለብዒ) ዝብል ዝነበረ ሕጊ የልዕሎ ኣሎ፡ ካብ ሓሙስ ዕለት 13 ጥሪ ሰዓት 24:00 ኣትሒዙ ድማ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ድሕሪ እቲ መወዳእታ ምስ እቲ ዝተለብዐ ሰብ ምቅርራቦም ኣብ ሳልስቶምን ኣብ ሓምሻይ መዓልቶምን ክመርመሩ ኣለዎም። ን10 መዓልታት ከኣ ጥቡቕ ትዕዝብትታት ምልክታት ሕማማት

ንከካይዱ እውን ንላቦ። ምልክታት ሕማምምት ምስ ዝርኣዮም ከኣ ካብ ቤቶም ንከይወጽኡን ንክምርመሩን ንላቦ።

- ምምርማር ለብዒ ንምቅላዕ ኣድማዕነት ኣለዎ ብሃልቲ ኢዮም ትካል ህዝባዊ ጥዕና፡ ከምኡ እውን ንሕብረተሰብና ክንድቲ ዋጋ ዝሓቶ ኣይኰነን፡ ካብ ውሽባ እውን ነቲ ሰብ ብዝያዳ ዘየሰክፍን ዘይጽንኩርን ስጉምቲ ይኹኖ'ሎ። መርመራ ብኩራትን ጾር ስጉምቲታትን ዘነኪ ኢዩ። ስለዚ ድማ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ብምውፋር ክሳብ 100 ሚልዮን ዝኾኑ ናውቲ መርመራታት ንክዛይዱልና ውዕል ተኣታትዮም ንከምጽኡልና ኣዋፊረዮም ኣለኹ። እቶም ዝመጽኡ ናውቲ መርመራታት ንህዝብና ብናጻ ኢዮም ክወሃቡ ትብል ሻርኮል።

*ኣብ ሕደ ቤት ዝቕመጡ ኣባላት ሓደ ቤት ወይ እውን ብተመሳሳሊ መቃርብቲ ዝኾኑን።*
ንመንግስቲ ተዋሂብዎ ብዘሎ ምኽሪ ነቶም ኣብ ሕደ ቤት ዝቕመጡን ብተመሳሳሊ መቃርብቲ ዝኾኑን ዝጥለብ ዝነበረ ናይ 10 መዓልታት ውሸባዊ ለብዒ ክሳብ ሓሙሽተ መዓልታት ድሕሪ ናይ መወዳእታ ዕለተርክብ ወይ ምቅርራብ መዓልቲ መዓልቲ ንክምርመሩ ኢዩ። ነዚ ስርዓተመርመራ እዚ ዘይክተሉ ሰባት ንዓሰርተ መዓልታት ክውሸቡ ይግደዱ። ንከምዚ ዓይነት ምስትኽኻላት መንግስቲ ብእወታ ኢዩ ዝርእዮ፡ ከምዚ ዓይነት ለውጢ ቅድሚ ምትእትታውናን ኣብ ግብሪ ምውዓሉን ግና ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝኣክል ቀረብ ናውቲ መርመራ ንክህልወን ከነረጋግጽ ኣለና። ብጀካኡ እውን እተን ንኡሳን ዞባታት ንነፍሰ ወከፍ ቤት ናውቲ መርመራ ክዕደለሉ ዝኽእል ስርዓት ክምስትራ ኣለወን። ክሳብ ዝኾነ ዝኾውን ግና ክሳብ ሕጂ ዘሎ ነቶም ኣብ ሕደ ቤት ንዝቕመጡ ኣባላት ሓደ ቤት ይኹኑ፡ ብተመሳሳሊ መቃርብቲ እቲ ዝተለብዐ ሰብ ንዝኾኑ ዝምልከት ሕግታት ውሸባ ከም ዘለዎ ኣብ ቦትኡ ይህሉ።

## Smittestopp/ስሚትተስቶፐ እትብሃል ምውዐላ/ኣፕሊኬሽን

ብምኽንያት እዘም ሓደስቲ ምቅይያራት ስርዓተ መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሽባን/TISK Smittestopp/ስሚትተስቶፐ እትብሃል ምውዐላ/ኣፕሊኬሽን ካብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን ንክንጥቀመላ ሕጂ ኢያ ዝያዳ እዋናዊት ትኹውን ዘላ።

- ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ብሓቂ ኢያ ተድልየና። እንተ ተለቢዕካ፡ ኣብታ መውዕላ ምምዝጋብ ኣይትረስዕ ኢኻ። ብስውራዊ ስም ኢዩ ዝምዝገብ። እቶም ቀሪብካዮም ዝነበርካ ሰባት ብቕልጡፍ ይሕበሩ። መን ከም ዝተለብዐ ግና፡ ክፈልጡ ኣይክእሉን ኢዮም፡ ምልክታት ሕማም ንከቓልብሉን ንክምርመሩን ግና መልእኽቲ ይመጽኦም ኢዩ ክትብል ተገናዝበና ሻርኮል። ።
እታ ምውዐላ/Smittestopp ዝጥቀሙላ ምስ ዝበዝሑ፡ ዕማም ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ይቃለልን ሰንሰለት ለብዒ ንምብታኽ ከኣ ግደ ክህልዋ ይኽእልን። እታ ምውዐላ/Smittestopp ኣብ መገሻታት ሃገራት ሕበረት ኤውሮፓን ኣብ ክሊ ቊጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን እውን ክትጥቀሙላ ትኽእሉ

ኢኹም። ብሓያሎ ቋንቋታት ትሰርሕ ኣላ፡ ገለ ካብቶም እታ ምውዐላ/Smittestopp እትሰርሓሉ ቋንቋታት ዓረበኛ፡ ቱርከኛ፡ ኡሩደኛን ትግርኛን ኢዮም።